Ministry of Justice and Security

# ምስ ናይ ኤውሮጳ ናይ መትሓዚ ትእዛዝ ተኣሲሩ ናብ (ፖሊስ) መደበር ወይ ካልእ መርመራ ቦታ ተወሲድካ። እንታይ መሰላት ኣለውኻ?

**Tigrinya**

ሓንቲ ካብ ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ብገበን ስለ ዝተጠርጠርካ ወይ ቅድሚ ሕጂ ብቤት ፍርዲ ናይዛ ኣባል ሃገር ስለ ዝተፈረድካ ናይ ኤውሮጳ ናይ መትሓዚ ትእዛዝ ኣውጺኣትልካ ኣላ። እዛ ሃገር ኔዘርላንድ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክተውዕለካ ትሓትት ኣላ። ብፖሊስ፣ ንጉሳዊ ወተሃደራዊ ፖሊስ ወይ ብኻልእ ናይ ኔዘርላንድ መርማሪ ኣገልግሎት ተታሒዝካ ኣለኻ። መሰልካ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ነዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ብጥንቃቐ ኣንብቦ።

## እንታይ ይጽበየካ?

ተታሒዝካ ናብ መደበር ፖሊስ ተወሲድካ። ኣብ መደበር ፖሊስ ክትጸንሕ ኣለካ ድዩ ኣይግባእን ዝውስን ዓቃቢ ሕጊ ወይ ተሓጋጋዚ ዓቃቢ ሕጊ እዩ። ኣብ መደበር ፖሊስ እንተበዝሐ ንሰለስተ መዓልታት ትጸንሕ ኢኻ። ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ዓቃቢ ሕጊ ንተወሳኺ ሰለስተ መዓልታት ኣብ መደበር ፖሊስ ክትጸንሕ ክውስን ይኽእል። እዚ 'ናይ ኣረክብ ማእሰርቲ' ይበሃል።

- ኣብ ውሽጢ ሰለስተ - እንተበዝሐ ድማ ሽዱሽተ መዓልታት - ኣብ ቤት ፍርዲ ኣምስተርዳም ኣብ ቅድሚ ዳኛ (ኮሚሽነር) ክትቀርብ ኢኻ። እቲ መርማሪ ዳኛ ኣብ መጽንሒ ክትጸንሕ ኣለካ ድዩ ኣይግባእን ክውስን እዩ። ከምኡ እንተኾይኑ ናብ ጊዜያዊ መጽንሒ ማእከል ክትዛወር ኢኻ።
- ኣብ ቤት ፍርዲ ኣምስተርዳም ክፉት መጋባኣያ ድሕሪ ስሳ - እንተበዝሐ ድማ ተስዓ - መዓልታት መደብ ክግበር(ቆጸራ ክተሓዝ) እዩ። ኣብቲ ቤት ፍርዲ እቲ፡ ካብታ ነቲ ናይ ኣረክብ ትእዛዝ ዝሃበት ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ዝቐረበ ሕቶ ኣረክብ ክግምገም እዩ። ኣብ ቤት ፍርዲ ኣምስተርዳም ኣብ ክፉት መጋባኣያ (ምስ ጠበቓኻ) ክትስማዕ መሰል ኣሎካ፡ እንተኾነ ግን ናብዚ መስርሕ ፍርዲ ከይትኸይድ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።
- ባዕልኻ ኣይትርከብን ዲኻ? ሽዑ ጠበቓኻ ብስምካ ክቐርብ ይኽእል። 'ናይ ኣረክብ ማእሰርቲ' ንካልእ ግዘ እንተተቐጺሩ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ናይ **ምምጻእ ግዴታ** ኣለካ።
- ኣብ ኣምስተርዳም ዝርከብ ቤት ፍርዲ ነቲ ናይ ኣሕሊፍካ ምሃብ ሕቶ ክቕበሎ ድዩ ኣይቅበሎን ድሕሪ እቲ መስርሕ ፍርዲ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ክውስን እዩ። ኣሕሊፍካ ምሃብ እንተፈቒዱ፡ ብመትከል ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ መዓልታት ናብታ ትእዛዝ ዘውጽአት ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ክትገዓዝ ይግበር።

## ሓጺር ስነ-ስርዓት

ካብ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ንዝቐርብ ናይ ኣረክብ ሕቶ ክትሰማማዕ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ሽዑ ኣብ ቤት ፍርዲ ኣምስተርዳም ኣብ ክፉት መጋባኣያ ኣይክትስማዕን ኢኻ። ኢድካ ክትህብ እንተተሰማሚዕካ እቲ መስርሕ ዝቐልጠፈ ክኸውን እዩ።

ድሕሪኡ ኢድካ ክትህብ ከም ዝተሰማማዕካ ብቕልጡፍ ንዳኛ ከተፍልጥ ኣለካ። ጠበቓኻ ክቐርብ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ 'ሓጺር መስርሕ' ይበሃል። ዳኛ ነቲ ኣሕሊፍካ ናይ ምሃብ ሕቶ እንተፈቒዱ፡ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ መዓልታት ናብታ ትእዛዝ ዝሃበት ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ክትምለስ ኢኻ።

ኢድካ ክትህብ እንተተሰማሚዕካ እዞም ዝስዕቡ ሳዕቤናት ይህልዎ።

- ንዳኛ ኢድካ ክትህብ ከም ዝተሰማማዕካ እንተነጊርካዮ ተመሊስካ ክትመጽእ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ቅድሚ ኢድካ ንምሃብ ክትሰማማዕ ምምራጽካ ምስ ጠበቓኻ ምምኽኻር ኣገዳሲ እዩ።

# እንታይ መሰላት ኣለውኻ?

- ሕቶታት ክትምልስ ኣይትግደድን (መሰል ስቕ ምባል)።
- ካብ ጠበቓ ናይ ሕጊ ድጋፍ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ፤
- ብተርጓሚ ክትሕገዝ መሰል ኣለካ፤
- ሕክምናዊ ክንክን ክትረክብ መሰል ኣለካ።

### ስቕ ናይ ምባል መሰል

ኣብዚ መስርሕ ኣብ ዝኾነ እዋን ዝኾነ ይኹን መግለጺ ክትህብ ኣይትግደድን። ካብ ምርመራ ሓለፍቲ፣ (ተሓጋጋዚ) ዓቃቢ ሕጊ ወይ ካብ መርማሪ ዳኛ ንዝቐርቡ ሕቶታት ክትምልስ ግዴታ የብልካን።

### ጠበቓ ናይ ምርካብ መሰል

ካብ ጠበቓ ናይ ሕጊ ድጋፍ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። ምስ ተታሓዝካ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ምስ ጠበቓ ከም እትራኸብ ፖሊስ ከረጋግጽ እዩ። ነቲ ክተማኽሮ እትደሊ ጠበቓ ድሮ ትፈልጦ እንተኾንካ፡ ንሱ እውን ይኽኣል እዩ። ንሓደ ፍሉይ ጠበቓ ምርጫ/ድሌት እንተሃልዩካ፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ንፖሊስ ሓብሮ።

ኩሉ ግዜ ጠበቓኻ ብዓርሰ እምነት(ብድፍረት) ክተዛርቦ ትኽእል ኢኻ። ጠበቓኻ ብዘይ ፍቓድካ ብዛዕባ ጉዳይካ ምስ ካልኦት ክዛረብ ኣይፍቀደሉን እዩ። እቲ ተሓጋጋዚ ሓላፊ ምርመራ ቅድሚ ምጅማሩ ንፍርቂ ሰዓት ምስ ጠበቓኻ ክትመኻኸር ትኽእል ኢኻ።

ጠበቓኻ ኣብ እዋን ምርመራ ክቐርብ ይኽእል እዩ። ጠበቓኻ ኣብ መደበር ፖሊስ ቅድሚ ምብጽሑ ዝተወሰነ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓት ናብ መደበር ፖሊስ ክመጽእ ኣለዎ፡ እዚ ግን ኩሉ ግዜ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ እዋን ምርመራ ካብ ናይ ሕጊ ድጋፍ ናይ ምርካብ መሰልካ ብግልጺ እተዘይገዲፍካዮ እቲ ምርመራ ጠበቓኻ ምስ ዝቐርብ ጥራይ ይጅምር። ድሕሪ እቲ ምርመራ፡ እቲ (ተሓጋጋዚ) ዓቃቢ ሕጊ ኣብ መደበር ፖሊስ ንነዊሕ እዋን ክትጸንሕ ኣለካ ድዩ ኣይግባእን ክውስን እዩ።

ፖሊስ ጠበቓ እንተቖጺሮምልካ፡ ነቲ ጠበቓ ባዕልኻ ክትከፍሎ የብልካን። ጠበቓ ባዕልኻ እንተመሪጽካ ግን ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ባዕልኻ ክትከፍል ክትግደድ ኢኻ። ውልቃዊ መረዳእታኻ ናብ ቦርድ ድጋፍ ሕጊ ክመሓላለፍን ኣብ ትሕቲ ምሕደራኦም ክስራሕን እዩ።

ብተወሰኺ ኣብታ ኣብ ልዕሌኻ ናይ መትሓዚ ትእዛዝ ዘውጽኦት ኣባል ሕብረት ኣውሮጳ ዝርከብ ዓቃቢ ሕጊ ናይ ጠበቓ ድጋፍ ክትረክብ ክሕግዘካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እቲ ጠበቓ ነቲ ኔዘርላንዳዊ ጠበቓኻ ብዛዕባ እቲ ኣብታ ኣብ ልዕሊኻ ናይ ኤውሮጳ ናይ መትሓዚ ትእዛዝ ዘውጽኣት ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ዘሎ መስርሕ ክሕብሮ ይኽእል።

ሰበስልጣናት ናይታ ኣብ ልዕሌኻ ናይ ኤውሮጳ ናይ መትሓዚ ትእዛዝ ዘውጽኣት ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ኣብኡ ጠበቓ ክትቖጽር ከም እትኽእል ክሕብሩኻ ይኽእሉ እዮም። ነዚ ባዕልኻ ከተዳልዎ ኣለካ፡ ኾይኑ ግን ኣብዚ መዳይ ኔዘርላንዳዊ ጠበቓኻ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

### ጠበቓ እንታይ ይገብር?

ጠበቓኻ ንረብሓታትካ ክውክልን ኣብ ምሉእ መስርሕ ኣረክብ ክሕግዘካን እዩ፡፡ ማለት እውን ኣብ እዋን ምርመራ ፖሊስ፡ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ዝግበር ምድላውን ኣብ ቤት ፍርዲ ኣምስተርዳም ክፉት መጋበኣያ ዝግበር ምስማዕን።

ጠበቓኻ፤

- እዚ ኣገባብ እዚ ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ይገልጸልካ፤
- መሰላትካን ግዴታታትካን ይገልጸልካ፤
- ናይ ሕጊ ምኽሪ ይህበካ፤
- ብዛዕባ ኩነታትካ ንስድራቤትካ፣ ኣዕሩኽትኻ ወይ ኣስራሒኻ የፍልጦም (እንተደሊኻ)፤
- ኣብታ ኢድካ ክትህብ እትሓተካ ዘላ ሃገር ምስ ዘሎ ጠበቓኻ ርክብ ይገብር፤
- ኣብ ቤት ፍርዲ ኣብ ክክንዳኻ/ብስምካ ክዛረብ ይኽእል እዩ።

### ተርጓሚ ናይ ምርካብ መሰል

ቋንቋ ኔዘርላንድ (ብግቡእ) ዘይትዛረብ እንተኾይንካ ወይ እንተዘይተረዲእካ፡ ብ ተርጓሚ ክትሕገዝ መሰል ኣሎካ። ንእሽቶ ቋንቋ ኔዘርላንድ ትዛረብን/ወይ እንተተረዲእካን፡ ካብ ተርጓሚ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ንፖሊስ ኣጸቢቕካ ክትሰምዖም ወይ ክትርድኦም ከም ዘይትኽእል ሓብሮም፡ ተርጓሚ ድማ ክጽውዓልካ ይኽእል እዩ። ምስ ጠበቓኻ ክትዛረብ ከለኻ ተርጓሚ ክሕግዘካ እዩ። እቲ ተርጓሚ ብዘይ ፍቓድካ ብዛዕባ ጉዳይካ ክዛረብ ኣይፍቀደሉን እዩ። ነቲ ተርጓሚ ባዕልኻ ኣይክትኸፍሎን ኢኻ።

### መሰል ሕክምናዊ ክንክን

ሕክምናዊ ክንክን ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። ሕማም እንተተሰሚዑካ፡ ናብ ሓኪም ክትከይድ እንተድኣ ደሊኻ ወይ ሕክምናዊ ክንክን እንተድኣ ኣድልዩካ ንፖሊስ ሓብሮ። ከምኡ'ውን መድሓኒት ትጥቀም እንተኾንካ (እንተድኣ ኣድልዩካ) ንፖሊስ ሓብሮ።

### ካልኦት መሰላት

ቅዳሕ ናይቲ ናይ ኤውሮጳ ናይ መትሓዚ ትእዛዝ ክትረክብ መሰል ኣለካ። እዚ ትእዛዝ እዚ ብዘይረድኣካ ቋንቋ እንተተጻሒፉ፡ እቶም ኣገደስቲ ክፋላት ተተርጊሞ ክወሃበካ መሰል ኣሎካ።

ዜግነት ኔዘርላንድ እንተዘይብልካ፡ ነቲ መርማሪ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተኻ ንቆንስል ወይ ኤምባሲ መበቆል ሃገርካ ክሕብረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## ሕቶ

ዝኾነ ሕቶ ኣለካ? ንኔዘርላንዳዊ ጠበቓኻ ወይ ናይ ምርመራ ሓላፊ ሕተቶ።

**ኮሎፎን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ሕትመት ዋና ዳይሬክቶሬት ፖሊስን ክልላት ጸጥታ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን እዩ።

ሳጹን ፖስታ 20301 | 2500 EH  Den Haag

ጥቅምቲ 2024 | 24407239

*ካብ ትሕዝቶ ናይዚ ሓበሬታ ወረቐት ዝኾነ መሰል ክትረክብ/ክትሓትት/ ኣይትኽእልን ኢኻ።*